


Tuesday, January 21, 2002 | News.Asmarino.Com

"msmer Awdi tariK" by Antonio Tesfay

ADVERTISERS







## ዕልዋ መሪሕነት ተ.ሓ.ኤ ኣብ ራሳይ

25 መጋቢት 1982

ገለኡ ብዘይ ፍላጥ ገሊኡ ድማ ብፍላጥ ኣብ ትሕቲ ሓላፊ ወታሃደራዊ ቤት/ጽሕፈት ተ.ሓ.ኤ. ነበር ዓብደላ ኢድሪስ ዝተኣከበ ካብ ላዕለዎት ሓለፍቲ ክፍልታትን ሓለፍቲ ሰራዊትን ዝርከብዎም ብ23 ነሓሰ 1981 ንሰሜን ዝተጓዕዙ ብረቶም ዘየውረዱ ነበሩ።እዚ ሓይሊ ንዝኾነ ኣንጻር ርእይቶኦም ዝለዓል ብረታዊ ስጉምቲ ክወስዱሉ ድማ ቁሩባት ነበሩ።

ነገሩ ብብሩህ ንምግላጽ ሓላፊ ወታሃደራዊ ቤት ጽሕፈት ነበር ዓብደላ ኢድሪስ ንቲ ካብ ነዊሕ ዓመታት ኣብ ውሽጢ ተ.ሓ.ኤ. ዘሎ ኣሕበ ዝነበረ ዝተፈላለየ ጉዳይ ሓንሳብን ንሓዋሩ ንቲ ንሱ ዝቆጻጸሮ ሓይሊ ካብ ኢ.ዱ ከይወጽእ ክጥቀመሉ እቲ መደብ ዝነበረ።እዚ ንምግባር ድማ ብዙሕ መንጸፍ ኣብዩ ነበረ።ሰራዊት ሓርነት ድማ እዚ ጉዳይ ብሰላም ክፈትሖ ዓብደላ ንታሃዳይ ክመጽእ ሓተቱ።ዓሚኚንያቱ እቲ ዝበዝሐ ሰራዊት ኣብኡ ብምንባሩ።ዓብደላ ግን ነጺጉ።ካብቲ ቦታ ከም ዘይንቀሳቀስ ሓበረ።እዚ ዝመረጸሉ ድማ እቲ ብረት ዝዓጠቐ ሰራዊት ምስኡ ብምንባሩ እዩ።

እታ ሓዳስ ፈጻሚት ሽማግለ ንሰራዊት ኣኪባ መግለጺ ሂባ። እንተኾነት፡ሰራዊት ፈጺሙ ምቅባል ኣብዩ እዩ።ፈጻሚት ሽማግለ ዓብደላ ከም ውልቀ ዝወሰዶ ወይ ዝፈጸሞ ጌጋታት እንተነበሩ ክንቀፍ እንተ ከም ውድብ ካልእ ምዕባለታት ክስዕብ ስለ ዝኽእል ምፍንጫል ንምውጋድ ኣብ ሓደ ነጥቢ ተበጺሑ ጉዳይ ሓባራዊ መፍትሒ ክረከበሉ ዝሕሸሉ መንገዲ ንምንዳይ ተጻዕረ።

ሰራዊት ፍልልይ ዕላማ ሃልዩዎ ጥራሕ ዘይኮነ ንሂወት ተሳተፍቲ ኣኼባውን ዘስግኡ ኩነታት ብምህላውን፡ተወሳሲ እቲ ዝዓጠቐ ክፋል ሰራዊት ሓርነት ኣብ ኩሪኩንን ታሕዳን ምብንባሩ ኣኼባ ንምኪያድ ዘስግእ ኩነታት ኣይነበረን።እቲ ካብ ሰሜን ዝመጸ ኣሉታዊ መልሲ ነቲ ጥርጠራ ሓደ ነገር ምንባሩ ከሳዪ መረ።

ፈጻሚት ሽማግለ ከይ.ሓብኣይ እቲ ምፍንጫል ዝበሃል ደጊኑ የማናዊ ዝብል ቅጽል ስም ብመርገጽ ከነንቶ።እቲ መደብ ከም ዘለዎ ክፈጽል እቶም ሕጹያትን መሪሕነት ኣባላት ተሳተፍቲ ሰሚናራት ካብ ዘለውዎ ቦታ ንሰሜን ራሳይ ተጓዕዙ።ውሑዳት ከም እቲ ኣብ ላዕሊ ዝተገለጸ ዘይተሳተፉ ነበሩ።

ተሳተፍቲ ኣብቲ ሰሚናር ዝነበረ ምስ በጽሑ ዝተዳለወሎም ቦታ ተመዲቡ ኩሉ ሰበፈሩ ሒዙ ክሳዕ ዝደና ሓሰዋን ምቁጽጻርን ይካየድ ነበረ።ብፍላይ እቶም ኣብ ሰሜን ሓሲፎም ዝጸንሑ ተጋደልቲ ነቶም ካብ ኩሪኩንን ታህዳይን ዝመጹ ብፍሉ ኣጠማምታ ክርእይዎም ዝተማዘዙ እቲ ኩሉ ሰራዊት ዝበሎ ዝነበረ ሓቂ ምኳኑ ተጋሂደ።

መቀጸልታ 23 ነሓሰ 1981 ደጊሙ ብዕለት 25 መጋቢት 1982 ኣብ ራሳይ ሓደ ዓቢይ ታሪኻዊ ዝገን ተፈጸመ።ኣባላት ፈጻሚት ሽማግለ ሒዞም ንዝበሩ ብረት ከውርዱ ብግዲ ተሓቲሉ። እዚ ብረት ከውርዱ ዝተላኣኹ ተራ ተጋደልቲ ብምንባሮምን ኣብቲ ፕሮቶኮል ሰሚናር ብዘይምንባሩ ሃንደበታዊ ትእዛዝ ከነ።ንምኳኑ እቲ ቦታ ከም ቲ ብተደጋጋሚ ዓብደላ ዝበሎን ዝኾርዓሉን ዝነበረ ጉዳይ ዕጡቓት ሰራዊት ሓርነት ምህላዎም እንዳነበረ ንኣባላት መሪሕነት ብረትኩም ኣውርዱ ቢልካ ምግዳድ እቲ ምስጢር ኣንታይ ምንባሩ ንምፍላጡ ኣይሸገረን።ዓብደላ ብረት ክንጥቅ እቶም ንሱ ዝዮርጥሮም ድማ ብረቶም ከውርዱ ከም እሱራት ንሰሚናር ክከይዱ ዘይፈቅድ ሓደ መልእኽ ተኸለ ነበረ።ዕለት 25 መጋቢት 1982 መልእኽ ተኸለ ብረቱ ከም ዘይውርድ ምስ ነጸገ ምኽንያቱ ብዘይፍለጥ ተኸቲሉ ተኾቲተ።ብጻይ መልእኽ ተኸለ ድማ ተሰውአ።

ኣባል ገድላዊት ባይቶ ፈጻሚት ሽማግለ ሓ/ክ/ጸ/ቤት ጽሕፈት ዝነበረ ኣብ ኩሪኩንን ታህዳይን ኣብ ካልእ ቦታታት ንዝነበሩ ኣባላት ተ.ሓ.ኤ. ከይተረፉ ኣንጻርቲ ንዕኡ ዝቐንዐት ጥይት ከዘረብን ክገልጽን ንሓገዝ ዓብደላ ኢድሪስ ንረብሓ ዓብደላ ኢድሪስ ክንደይ ደኺሙን ተቓሊሱን።እቲ ሞት ግን ተፈድዩዎ።ካብ ቶም ቀንዲ ንሰሜን ኻይድ ዝበሉን ውሕስነት ዝሃበ እዚ እንተነበረ ሂወቱ ብቀዳምነት ዝሽፈለ ንሱ ኮነ።እቲ ነገር ብመስዋእቲ መልእኽ ኣይተወደአን ካልኦት ዝተሰውኡ ከም ሓደ ተጋዳላይ ኣባል ክፍሊ ጋራጅን መራሕ መኪናን ዝተወግኡ ከም ተጋዳላይ መለኪን ዝተኣሰሩ ድማ ዱርጋ ብኩሉ ኣባል ሰሚናር ብፍላይ ከኣ ኢሕመድ ናስር ስዉእ ሰዒድ ሳልሕ ዝርከብዎም ንመዓልታት ኣብ ትሕቲ ሓለዋ ጸጥታ ሰሜን ኣተዉ።

ኣኼባ ሰሚናር ዝውድኣሉ ክሳብ ዝኣክል ኣብ ዝተመደበሉ ቴንዳ ኣትዩ ብሻቕሎት ዝሕለፍ ግዜ መግለጺ ኣይነበርን።ተገሪሙ ምዝራብ ተሪፉ ብሕቶ ሽኹ ዝዝረበሉ።እቶም ኣብ ሰሜን ዝጸንሑ ድማ ከም ኣናብስ ኣብ ልዕሊ ብጾቶም ከዐቢ ኮብሮዑ ተራእዩ።

ዓብደላ ኢድሪስ ዝቅተሉ ቀተሉ ዝእሰሩ ኣሰሩ ሐዩሉን ምስ ደልደለ ወጻ ት

[illegible]
ኣኼባ ንሰራዊት ከሕበር ክልተ ተጋደልቲ ኣባላት መራሕነት ንታህዳይን ኲሮኮንን ለኣኸዎምስቲ፣ ኩሉ ቅድሚኡ ዝነበረ ተሃዋሲ ኩነታት መስዋእቲ ተመሲኹም እቶም ልኡኻት ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ተጋደልቲ ኣተዉ።

ከም'ቲ ልሙድ ኣበሃህላ ዓብደላ ንሕና ዘይኮንናስ እዩ ንተ.ሓ.ኤ. ዝወከለ ብማለት ድሕሪ'ዚ ኩሉ መስዋእቲ ንቶም ንሱ ዝእምኖም ሓልፍነት ሂቡ ንሱ ብኣቦ መንበርነት ተመሪጹ ነሩ፣ ውድብ ኣንቀልቃሉ።ዚ መልከዑ ድማ ዓብደላን ሰዓብቱን ነሩ፣ ካብ ነዊሕ እዋን ዝመደቦም ሰልዋ ኣብ ልዕሊ መራሕነት ፈጺሞምእታ ዝደልዩዎ ተ.ሓ.ኤ. ድማ መስረቱ።

ንምእንቲ ጥርናፈ ሓድነት ውድብ ተንልቢቡን ተሸፊኑን ዝኸይድ ዝነበረ መልከዑን ትሕዝትኡን'ዚ ከተቀየረ ተቐልዐ።እዚ ድማ ብግድኡ ኣብ ውሽጢ እቶም ኣብ ታህዳይን ኲሮኮንን ዝነበሩ ተጋደልቲ ተጣበቕቲ ሓድነት ውድብ ተ.ሓ.ኤ. ከይተረፈ ጎንጽታት ኣስዓበ ኣብ እቲ ኩሉ ጽፍሕታት ውድብ ድማ ለሓመ።

ድሕሪ እዚ ኩሉ ሽግራት ብ26 መጋቢት 1982 ህጹጽ ኣኼባ ተኻይዱ ድማ ሓዳስ ፈጻሚት ሽማግለ ተመርጸት።

Copyright © 2001- 2003 Antonio Tesfay. All rights reserved. Republication or redissemination of the contents of this screen are expressly prohibited without the written consent of Antonio Tesfay